

















ልደት ኢየሱስ ክርስቶስ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ማቴ 1-2 ሉቃ 1-2

″ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።″ መዝሙር 119:130

ጸሓፊ Edward Hughes
ገላጺ M. Maillot

ተርጋሚ፦ ተስፈኣለም በራኺ፡
ሙሉጌታ ዘርኣይ፡ ጸሃይነሽ ታደሰ

ኣወሃሃዲ E. Frischbutter; Sarah S.

ዛንታታት ካብ 36 ክሳብ 60

M1914.org

ፍቓድ፡ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቑድ እዩ። ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፡

እግዚኣብሄር ጌጋ ከም ዝገበርና ይፍልጥ እዩ፡ ንዕኡ ድማ ሓጢኣት ይብሎ። ዓስቢ ሓጢኣት ከኣ ሞት እዩ።

እግዚኣብሄር ኣዚዩ ስለዘፍቅረና ንወዱ ሰዲዱልና፡ ኢየሱስ ከኣ ኣብ መስቀል ሞይቱ ዕዳና ከፊሉልና እዩ። ኢየሱስ ብኣካል ናብዛ ምድሪ ወሪዱ ኔሩ ሕጂ ግና ናብ ሰማይ ተመሊሱ ኣሎ። በዚይ ድማ እግዚኣብሄር ሓጢኣትና ሓደገልና።

ካብ ሓጢኣትካ ክትወጽእዶ ትደሊ እኻ፤ ንእግዚኣብሄር ከምዚ በሎ፡ ኦ እግዚኣብሄር ኢየሱስ ከምዝሞተለይን ካብ ሞት ከምዝተንሰኤን ይኣምን እየ። ኦ ጎይታ ናብ ሂወተይ ንዓ፡ ንሓጢኣተይ ድማ ይቕረ በለለይ፡ ምእንቲ ሓድሽ ሂወት ክህልወኒ፡ ምስካ ድማ ንዘልኣለም ምእንቲ ክነብር። ከም ወድኻ ኮይነ ክነብር ሓግዘኒ። ኣሜን። ዮሃንስ 3:16

መጽሓፍ ቅዱስ ኣንብብ ንእግዚኣብሄር ከኣ መዓልታዊ ኣዛርቦ ብጸሎት።

ትግርኛ Tigrigna







″እዚ ከመይ ኢሉ ኪኸውን ኣዩ?″
ማርያም ብምግራም ሓተተቶ
″ሰብኣይ ከይፈለጥኩስ″ እቲ
መልኣኽ ድማ መንፈስ ቅዱስ
ክወርደኪ ሓይሊ እቲ ሉዑል
ክጽልለኪ። እቲ ዝወለድ
ድማ ወዲ ልዑል
ኣምላኽ እዩ።
3
ወሲኹ እቲ መልኣኽ
ንማርያም እታ ዘመድ'ኺ
ኤልሳቤጥ ኣብ እርግንኣ
ወዲ ጠኒሳ በለ።
4
እዚ ከኣ ተኣምርዩ ንዓኺውን
ከምኡ፡ ማርያም ብኡ
ንብኡ ተቀላጢፍ
ንኤልሳቤጥ በጽሓታ።
ብሓደ ሓቢረን
ድማ ንኣምላኽ
ኣመስገንኦ።
5
ማርያም ድማ ንዮሴፍ
ዝበሃል ሰብኣይ ተሓጽያ
ነበረት። ጠኒሳ ምስ ረኣያ
ኣዝዩ ጉሃየ ምናልባት
ካልእ ሰብ ዘጥነሳ
መሲሉዋ ነበረ።
6
እግዚኣብሄር ግና ጸገም ዮሴፍ ተረዲኡ
ብሕልሚ ከምዚ ኢሉ ነገሮ እቲ
ማርያም ጠኒሳቶ ዘላ ካብ መንፈስ
ቅዱስ እዩ። ዮሴፍ ድማ ንማርያም
ወሲዱ ተኸናኸና።
7
ዮሴፍ ንእግዚኣብሄር
ኣመኖን ተኣዘዞን፡
ነቲ ሕጊ ናይ ዓዲ'
ውን ተኣዘዞ።
8
ብምኽንያት ዝተዋህበ
ኣዋጅ መንግስቲ ግብሪ
ክኸፍልን ክጻሓፍን ናብ
ዓዱ ቤተልሄም ከደ።
9
ማርያም ድማ ንሕርሳ
ተቀራረበት ኣብቲ ዝገሸዎ
ዓዲ ግና መዕረፊ ኣጋይሽ
ኣይረከቡን። ኵሉ
ብኣጋይሽ መሊኡ
ጸነሖም።
10
ዮሴፍ ድማ በቲ ድምጺ እግዚኣብሄር ምስምዑ
ዕረፍቲ ረከቦ። ኣብ ጊዚኡ ድማ እቲ
ህጻን ኢየሱስ ተወልደ። መዕረፊ
ስለ ዘይነበሮም ግና
ኣብ መብልዕ ማል
ወለደቶ።
11
ኣብቲ ከባቢ ድማ ከብቶም ዝሕለው ጓሶት
ነበሩ። መልኣኽ እግዚኣብሄር ድማ ተራእዮም
እቲ ዓቢ ሓጎስ ልደት የሱስ ክርስቶስ ድማ
ኣበሰሮም።
12
ኣብ ዓዲ ዳዊት መድሓኒ ክርስቶስ
ተወሊዱ ኣሎ ነቲ ህጻን ድማ ምስ ወለዱ
ኣብ መብልዕ ማል ክትረክብዎ ኢኹም
በሎም።
13
ብድንገት ድማ ብዙሓት መላእኽቲ ምስኡ ኮይኖም
ከምዚ እናበሉ ኣመስገኑ ″ክብሪ ንኣምላኽ ይኹን
ኣብ ላዕሊ ስምረቱ ድማ ምስቶም ኣብ
ምድሪ ዘለዎም ሰባት ይኹን″
በሉ።
14
እቶም ጓሶት ድማ ተቀላጢፎም ክርእዩዎ ከዱ።
ነቲ ህጻን ድማ ምስ ወለዱ ብዓለባ ተጠቂሊሉ
ረኣዮዎ፡ እዚ ምስ ረአዩ። ብዛዕባ እቲ ሕጻን
እተነግረሎም ነገር ኣውረዩ።
15
ድሕሪ 40 መዓልቲ ምንጻህ ድማ ነቲ
ህጻን ዮሱስ ናብ መቅደስ ኢየሩሳሌም
ኣምጽእዎ። ስምኦን እቲ ምጽንናዕ
እስራኤል ዝጽበ ዝነበረ ድማ
ነቲ ህጻን ሓቁፉ ንኣምላኽ
ኣመስገነ ከምኡ' ውን
ሃናን ካልኦትን
ንእግዚኣብሄር
ብዛዕባ
እቲ ህጻን
ኣመስገኑ።
16
በዚ ከኣ ዮሴፍን ማርያምን
ኢየሱስ ወዲ እግዚኣብሄር ምዃኑ
ፈለጡ፡ ዮሴፍ ከምቲ ኣብ ሕጊ
እግዚኣብሄር እተባህለ ኸኣ,
ክልተ ባሬቶ ንመስዋእቲ
ኣቕረበ።
17
ሰብ ጥበብ ድማ ኮኮብ
ኣብ ምብራቅ ርኢና
እሞ ክንሰግደሉ
″እቲ እተወልደ
ንጉስ ኣይሁድ
ኣበይ ኣሎ″
እናበሉ ካብ ምብራቕ
ናብ የሩሳሌም
መጹ።
18